# ርቱዓት ንኹን

*በቲ እተቓንዐ ፍትሒ*
*ወጊሑ እቲ ድቕድቕ ጸላም ፧*

*ሳላ መስዋእቶም ሓራ ኮይና*
*መሓውር ንኽብራ ይቆሙማ*
*ተምሳል ጽምደት እሃዱ ዕርገት ፧*

*መንፈስ ይብል ጥቕስ ረጋእ*
*ሓሳብ ብጽሞና ይወሓጣ ስሊኦም*
*ብግሩህ ልቢ ነዕርግ ጸሎት ፧*

*ስለ እታ ዝሓለፈት ዋዕሮ*
*ስለ እቲ ዝሓለፈ ሽደን*
*ብጽሞና ነዕርግ ጸሎት ኮይንና ርቱዓት ፧*

*ስለ እታ ክብርቲ ህሞት*
*ተበጅዮም ንሰላም ንናጽነት ንሓርነት*
*ኣብ ኣድማስ ቅሳንትን ሰላምን ዓዊዱ ፧ ( ብዓንኬል ዘይሩ )*

*እዱጋት ኢና ኮይና ብመስዋእቲ ብጸት*
*ሞት ኣይኮነን ከምኩሉ ሞት*
*ሓለፉ ኣለዎ ሱር ናጽነት መትኒ ሓርነት ፧*

*ንጭቁን ሕርቡት ብፍስሃ ዝዛኒ*
*ሕዋሳት ፍስሃ ይዕሰለን ስኒት መትኒ*
*ንሓድነም ሞጉዚት ንኹኖም ብፍሽኽታ ስኒ ፧*

*ህድኣት ሩፍታ ንስኒት ነጊሱ*
*ነስተማቕሮ ብጠዓም ብስማዕ*
*ንምእላይ ቀርሰማ ክልተ ወለዲ ንስማዕ ፧*

*ስጕሚ ተሰጕሙ ኣብ ጥጡሕ ባይታ*
*ሓሳብ ኣብ ሰውሒ ተሰሪታ*
*ኣብ ፍቕሪ ኣብ ስኒት ልዝብ ዝመሰረታ ፧*

*ሓርቖት ይጻእ ሓጐስ ይዓንብብ*
*ሰንፈላል ይሰበር በቲ ሓቂ ክስተት ድባብ*
*ስሌና ሓሊፎም ንህዝቦም ብኣገባብ ፧*

*ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና*

*ዓወት ንሓፋሽ ፧*

*ዘካርያስ ተስፋጽዮን ፧ 20.06.2009 ከተማ ማንሃይም ።*